## ህዝብና ኣብ ደሴት ዳህላክ ብስርዓት ህግደፍ ይሳቐ ኣሎ

ህዝቢ ዳህላክ ኣብዚ እዋን እዚ ብስርዓት ህግደፍ ኣብ ከቢድ ስቅያት ከምዝርከብ ምንጭታት መርበብና የረጋግጹ::

መንግስቲ ኣስመራ መንእሰያት ንምግፋፍን ተዋፊሩ ኣሎ:: ህዝቢ ዳህላክ ንመዋእሉ መንባብሮኡ ዓሳ ብምግፋፍን ክምኡውን ዓሳ ኣንቂሱ (ወሒድራ ተባሂሉ ይጽዋዕ) ናብ የመን ብምሻጥ ዝነባበር ህዝቢ ነይሩ:: ሕጂ ግን ሰርዓት ኣስመራ መንገዲ ባሕሪ ናይ የመን ድሕሪ ምዕጻዉ: ዓባይ መርከብ ኣብ ዳህላክ ሓሺኩ: ኣብ ግዜ ወጋሕታ ወተሃዳራቱ ናብ ገዛውቲ ብምልኣኽ ብሓይሊ ገዛውቲ ብምእታው ዝነቐጸ ዓሳ የሕድጉን ይዘርፉን ኣለዉ:: በዚ ዝኣኽል ኣንተወሓድ ካብ ዓሰርተ ዘይውሕዳ ነፍሰ-ጾራት ብስንባደ ናይ ከብዲ ክኸደን ኣንከሎ: ንብረትና ኣይንህብን ኢሎም ዝተጋተሩ ናይ ኣካል መጉዳእቲ ወሪድዎም ኣሎ:: ካብዚኣቶም ኢደን ዝተሰበራ ብዕድመ ዝደፈኣ ኣዴታት ይርከብወን:: መንእሰያት እቲ ቦታ: ኣብ ፈቐዶ በረኻ ተደርብዮም ከምዘለዉ ምንጭታትና የረጋግጹ:: ነዚ ዘረጋግጽ ኣሳእል ኣብ ኢድና ይርከብ:: የግዳስ እቶም ሰባት ከይልለዩን ንዝያዳ ዝቅያት ከይሳጥሑ ንግዚኡ ካብ ምስርጋሑ ንቁጠብ::



እታ ክትገፍፍን ክትዘርፍን ዝተላእከት ዓባይ መርከብ ክሳብ ሕጂ ኣብ ዳህላክ ከምዘላ ክነረጋጽ ኪኢና ኣሎና

**በዚ ኣጋጣሚ ኲሎም ንሰብኣዊ መሰላት ብዝምልከት ዝንቀሳቐሱ ትካላት: እዚ ስቅያት የሕዋትና ብቕልጡፍ ከቃልሕዎን ክነጥፍሉን ንጽውዕ::**